# ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ


Eden Daniels

Eden Daniels

ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ


2

ትግርኛ ti

ትርሓስ ደቒ ተባዕትዮ ኵዕሶ እግሪ ክፃወቱ ሪኣ፤ ናብኣቶም ተሓዊሳ ክትፃወት ደልያ። ምስኣቶም ተሓዊሳ ክትለማመድ ትክእል እንተዀይና ድማ ነቲ ኣሰልጣኒ ሓቲታቶ።

እቲ አሰልጣኒ አእዳው አብ ሸምጡ ገይሩ። “አብዚ ቤት ትምህርቲ ፀወታ እግሪ ኲዕሶ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ እዩ ክፃወቱ ተፈቂዱ” ኢሉ መለሰላ።

እቶም ደቂ ተባዕትዮ ንዓአ መርበብ ኩዕሶ ኸይዳ ንክትፃወት ነጊሮማ። ከምዚ እውን ኢሎም መርበብ ኩዕሶ ንደቂ ኣንስትዮ እግሪ ኩዕሶ ድማ ንደቂ ተባዕትዮ እዩ ምስበልዋ ትርሓስ ሓሪቃ።

ኣብቲ ካልአይ መዓንቲ፤ እቲ ቤት ትምህርቲ ከቢድ ውድድር ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ነይርዎ። እቲ አሰልጣኒ አብዚ ውድድር ብጣዕሚ እዩ ሓዚኑ ነይሩ ምክንያቱ ድማ እቲ ብሉፅ ተፃወቲኡ ብምሕማሙ።

ትርሓስ ናብቲ አሰልጣኒ ብፍጥነት ከይዳ ንኽትፃወት ንክፈቅደላ ለሚናቶ። እቲ አሰልጣኒ እንታይ ከም ዝውስን ርግፀኛ ኣይነበረን። ደሓር ግን ትርሓስ ናብቲ ቡድን ተሓዊሳ ንኽትፃወት ፈቂዱላ።

እቲ ፀወታ ከቢድ ብምንባሩ ክሳብ ጊዜ ዕረፍቲ ምንም ጎል (ሸቶ) ክምዝገብ ኣይክአለን ነይሩ።

ካብ ዕረፍቲ መልሲ ሓደ ተፃዋቲ እታ ኲዕሶ ናብ ትርሓስ ኣሕሊፍ ሂብዋ። ንሳ ብፍጥትን ናብ ጎል ገፅ ብምሕላፍ ብሓይሊ ብምውቃዕ ሽቶ አመዝጊባ።

እቶም ተመልከቲ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሰመዮም፤ ካብዚ ዕለት ጀሚሩ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ተፈቂዱ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ


Eden Daniels
Eden Daniels
ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ


CC BY NC